

## ፅንዓት ክሳብ ሕልፈት

ገና ብጉሐቱ
እንትወፅእ ካብ ከርሲ ወላዲቱ
ተወሊዱ ኾይኑ ጥቕዓት ሕዝቢ ዘይፎቱ
እምባዬ ኢሎም ወለዱ
ክናብዮም እንትፈቕዱ
ስዩም ኢሎሞ ብፆቱ
ናይ ቃልሲ መሐዙቱ

ናይ ቃልሶም ስዩም
ፅንዓቱ ዝገርም
ፈተኽ ዘይብል ንዝንተዓለም
ፈሊሙዋ ንታ ቃልሲ
ኾይኑ ከም ቀላሲ
ናይ መርሒ ሃንዳሲ
ዛዚሙዋ ድማ ብዘየናሕሲ
ናይ አቦታቱ ቃል ዘይረሰዐ
ስቃይ መከራን ሞትን ዝተዋስዐ
እናተመገበ ናይ ቃልሲ ልግዐ
ታሪክ ስዋአቱ እናውግዐ
ዓወት ሓፈሰ እንተይዘንግዐ
ዋኒኑ ኾነ ሓዞ ትሰዶ ምስ ድኽነት
ድሕሪ እቲ መሪር ቃልሲ ሓርነት
ብናይ ቃልሱ ፃማ መቐረት
ዓዲ ለምዓት ቀሰነት
ኣብ ዓለም መድረኽ ተወደሰት
ክብርን መጎስን ድማ ለበሰት
እፎይ ኢሉ መሊኡ እንተይቐሰነ
ጉሒላ መፀ እናሃደነ
ብርሃን ብፅልመት እናኸደነ
መንነት እናብረሰ
ንብረት እናወረሰ
ልምዓት እናፍረሰ
መሰል ትግራዋይን ኹሎም ብሔር ብሔረሰባትን እናገሃሰ
ሕገ መንግስቲ እናጠሓሰ

ካሊእ ሓዱሽ ቃልሲ ድማ ተመሰሰ
ፈደዩኒ እኪተ ህየንተ ሰናይየ ዶ በሉ?
እቱ ልምዓት ተረሲዑ
እቱ ሰላም ተዘንጊዑ
ትግራዋይ ብኹሉ ወገን ተጠቒዑ
ስዩምን ብፆቱን አቖጢዑ
እኩሉ ትግራዋይ ናብ ሓደ አምዬዑ
ሓዱሽ ቓልሲ ተወሊዑ
ስዩም ንኹሉ ትግራዋይ ሕራነ አስኒቁ
ፅንዓት ምስ ሓቁ
አሕሊፉ ናብ ደቁ ደቂ ደቁ
ናይ ሓርነትን ሓቦነት ፀሓይ አብሪቁ
ንሱ ግና ብጅግንነት አብ ሓራ መሬት ወዲቁ
ወፅዓ ዝፃወር እንግደዓ ?
ካበይ ክንረኽቦ ደአ ?
ዘይናህና ዘይባህልና
ስዩም ሞይቱ፣አባይ ሞይቱ፣አስመላሽ ሞይቱ፡ኢልና
ክንደንን፡ርእስና? ክነፅቅጥ ከምዘየለና?
አይንገብሮን አይንሓስቦን እኳ ደአስ የሕርነና
ቅልፅም፡ ፀላእትና ክንሰብር ይሕግዘና
ስዩምን ብፆቱን፡ እንትሰናበትዋ እዛ ዓለም
ዘናስሕ አይገደፉን ዘሕምም
ቅድም ቀዳድም መሰል ወዲ ሰብዓዊ፡ ከይገሐስ
ሚዲዶምና ተወዲብና ክንቃለስ
ሚሂሮምና ከመይ ከምንብል ብዓወት፡ መሰስ
እንታይ ባ በሉ እቶም፡ እተሰውኡ እንታይ ተናዘዙ ?
አቱም ደቁ አቱም ወራዙ
ሐደራኹም ን ባንዳ፡ ከይትእዘዙ
ወረርቲ አውግዙ
ቃልስኹም አትሪርኹም ሐዙ
ዓድኹም ብትረት ሐግዙ
ከይትርእይዋ ዓድኹም ሐሚቓ
ከይትበርስ ፀንቂቓ
ሕበሩ፡ አይትበተኑ
ርእስኹም፡ አይተድንኑ
ንንዋይ አይትሕደሩ
የግዳስ ቅልፅም ፀላኢኹም፡ ክትሰብሩ
ብኹሉመዳይ ስመሩ
መንነትኹም አኽብሩ
አዙይ፡ እዩ ኑዛዜአም፡ ነይሩ

ግጥሚ ብ ፍፁም ካልአዩ
ትግራይ ትስዕር